# ንዓወት እትገብሮ አበርክቶ

## ናይ ቋንቋ ክእለታት
ብቀጻልነት ናይ ቋንቋ ጀርመን ክእለትካ የዕቢ! ንኣብነት፡ ኣዘውቲርካ ዝተምሃርካዮ ደጋግሞ፣ ብቋንቋ ጀርመን ዝተጽሓፉ ጋዜጣታት ኣንብብን ናይ ቋንቋ ጀርመን ተሌቪዝን ተመልከትን፣ ምስቶም ተዛረብቲ መበቆላዊ ቛንቋ ርክብ ግበር ወዘተ። ሓባራዊ ምርድዳኣት ብኹሉ መዳያት ኣገዳሲ እዩ፡ ከምኡውን ሓደስቲ ዕድላት ይኽፍት።

## ስዓትካ ምኽባር
ናይ ቆጸራ ስዓት ኣኽብር። ኣብ መንጎ ቆጸራኻ ዘጓነፈካ ነገር እንድሕር ሃልዩ ወይ ኣብ ግዜ ቆጸራ ክትበጽሕ ዘይትኽእል እንተ ኴንካ ኣቐዲምካ ነቶም ሰባት ሓብሮም።

## ተኣማንነት
ኣብ ስምምዓት እሙን ኹን። ኣብ ጉጅለ ዘሎ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ነንሕድሕዱ ክተኣማመን ክኽእል ኣለዎ።

## ብርቱዕ ተገዳስነት
ነቲ እትሰርሖሉ ኩባንያ እንታይ ክትገብር ከምእትደልይን እቲ ኽትገብሮ እትደልዮ ነገር እንታይ ምዃኑን ኣርኢ። ተበጋስነት ዘለዎም፡ ድሌት ዘለዎምን ብርቱዕ ተገዳስነት ዘለዎምን ሰባት፡ ብዝቐልጠፈ ንዕኦም ባህ ዜብል ስራሕ ናይ ምርካብ ተኽእሎ ኣለዎም።

## ሓላፍነት ዝስምዖ ምዃን
ስራሕካ ብዘለካ ዝበለጸ ፍልጠትን ክእለትን ስርሓዮ።
ጌጋታት ከጋጥም ከሎ ንጌጋኻ ተቐበልን ባዕልኻ ኣዐርዮን።
ብዘይ ስራሕ ዘዘው ምባል፡ ዘይጽቡቕ ኣመለኻኽታ ይህብ።

## ርእስኻ ምኽኣል
ብዝተኽኣለ መጠን ርእስኻ ክኢልካ ከምእትሰርሕ ሕሰብን ርእስኻ ክኢልካ ስራሕን።
እቲ ኩባንያኻ ኣባኻ ክተኣማመን ከምዝኽእል ኣርእዮ።

## ናይ ምምሃር ድሌት
ንነፍሲ ወከፍ ዕድል፡ ገለ ነገር ክትመሃረሉ ፈትን።

## ከም ጋንታ ኮይንካ ስራሕ
ኻልኦት ሓግዝ፡ ንሳቶም'ውን ክሕግዙኻ እዮም።

## ትሑት ምዃንን ክርኣዩ ዝግባእ ጠባያትን
ንዓማዊል፡ መሳርሕትን ኣስራሕትን ትሕትና ኣርኢ።
ትሑት ዓይነት መግለጺ ናይቲ ቋንቋ ተጠቐም፥ ንኣብነት እቲ ሓደ ሰብ እንድሕር 'Du' ዝብል እንተዘይተጠቒሙ፡ 'Sie' ተጠቐም።

## ትካላዊ ክእለታት
እቲ እትሰርሖሉ ቦታ ጽሩይን ጽፉፍን ጌርካ ግደፎ።

### ቀጻልነት
ስራሕካ ዋላ ንግዚኡ እንተኣጽለአካ ሱቕ ኢልካ ቀጽሎ።
ብቐጻልነት ብምስራሕ፡ ብዙሓት ሸቶታት ኣብ ግብሪ ክውዕል ይከኣል እዩ። :

## ብኩራት
ምቡካር ዝፍቀድ ከቢድ ዝኾነ ህጹጽ ኩነታት ክፍጠር ኸሎ ጥራሕ እዩ።. ንዘብኮርካሉ ምኽንያት ንኣስራሒኻ ብቕልጡፍ ሓብርን መርትዖ ኣቕርብን።

## ደጋዊ ኣቀራርባ
ኹሉ ግዜ ናብ ስራሕ ብግቡእ ተኸዲንካን ማዕሪግካን ምጻእ።
ናይ ውልቂ ንጽህናኻ ከተስተውዕለሉ ይግባእ።

## ዘይርጉጽነት
ዘይተረድኣካ ሓደ ነገር ምስዝህሉ ብኽብረትካ ሕተት። ሕቶ ምሕታት፡ ክትፈልጥ ድሌት ከምዘለካ ዘርእይ እዩ፡ ከምኡውን ከጋጥም ዝኽእል ዓቢ ጸገም የድሕን።

ሞያዊ ውህደት ናይ'ቶም ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ስደተኛታትን ግዚያዊ ተቐማጦን ዚውሃብ ፕሮግራም ደገፍ

# ስልጠና ስራሕ



Fachstelle Integration Graubünden
Post spezialisà per l'integraziun dal Grischun
Servizio specializzato per l'integrazione dei Grigioni



**Tigrinya**

Grabenstrasse 1
7001 Chur

081 257 26 38

www.hallo.gr.ch
www.fluechtlinge.gr.ch



# ስልጠና ስራሕ

## ግደ ናይቲ ስልጠና ስራሕ

- ንሞያዊ ውህደት ዚምልከት መባእታዊ ስጉምታት ምውዳብ፡ ምውህሃድ፡ ደገፍ ምሃብን ምክትታልን።
- ኣስራሕቲ ነቶም ግዚያውያን ተቐማጦን ስደተኛታትን ዝኸውን ሞያዊ ውህደት ንኽትግብሩ ምልዕዓል። እዚ ኸኣ ንጡፍ ዝኾነ ምትሕብባር ኣብ መንጎ ኣስራሕቲን ግዚያውያን ተቐማጦን ስደተኛታትን ይጠልብን የሐይልን።
- ብዛዕባ እቲ ሞያዊ ውህደት ኣመልኪቱ ብኹሎም ሸነኻት ነቶም ግዚያውያን ተቐማጦን ስደተኛታትን ምኽሪን ሓገዝን ምሃብ።

## ሸቶታት

ቀጻልነት ዘለዎ ማሕበራውን ሞያውን ውህደትን፡ ነቶም ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ስደተኛታትን ግዚያውያን ተቐማጦን።

እቶም ተሳተፍቲ፡ ብዛዕባ እቲ ናይ ስራሕ ቦታ ጥሉቕ ዝኾነ ኣስተብህሎ ይረኽቡ፡ ናይ ስራሕ ድሌታቶም ይግምገሙ ከምኡውን ኣማራጺታት ይደልዩን ስርሖም ዝጅምሩሉ መደብ የውጽኡ ወይ የተግብሩ።

## እቲ ናይ ስራሕ ኣሰልጣኒ

- ንጹር ዝኾኑ ሸቶታት ምስኦም ብምኟን የውጽእን ይግምግምን
- ምስኦም ብምኟን መርመራ የካይድን ይግምግምን
- ብውልቂ ዝወሃቡ ሓገዛት የቕርብ
- የዕብዮምን የተባብዖምን
- አገደስቲ ናይ ውሽጢ ዓቕሚን ድሌትን የበረታትዕ

## እቲ ደላዪ ስራሕ

- ንጹራት ዝኾኑ ናይ ስራሕ ሸቶታት ይህልዎ ከምኡውን ንዕኦም ንኽተግብር እንታይ ክገብር ከምዘለዎ ይፈልጥ።
- ኣብቲ መስርሕ ውህደት ከተግብሮም ዝኽእል ግደታት ብቐጻልነት ይርኢ
- ዝኽእሎ ዘበለ ይገብርን ከምኡውን እቲ ዝበለጸ ስራሕ ይሰርሕን